ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ ኣብ ቅድሚ 23 ዓመት ተኣዊጆም ኣብ ተግባር ውዒሎም ዝጸንሑ ዘሎ ማሰረታውያን ኣዋጃት ግብርን ቀረጽን (ኣዋጅ ቁጽሪ 62/1994 ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ፡ ኣዋጅ ቁጽሪ 63/1994 ኣዋጅ ግብሪ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን፡ ኣዋጅ ቁጽሪ 64/1994 ኣዋጅ ቀረጽ መሸጣን ኤክሳይስ ቀረጽን፡ ኣዋጅ ቁጽሪ 65/1994 ኣዋጅ ቀረጽ ቴምብር) ምስ ሕጋጋቶም፡ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ኣዋጅ ቁጽሪ 63/1994 ኣዋጅ ግብሪ ሕርሻ ገጠርን እንስሳ ዘቤትን ምስ ሕጋጋቱ 1 ታሕሳስ 2016፡ ኣዋጅ ቁጽሪ 65/1994 ኣዋጅ ቀረጽ ቴምብርን ምስ ሕጋጋቱ 6 መጋቢት 2017 ተኣዊጆም ኣብ ተግባር ክውዕሉ ከለዉ፡ ብዝዕባ እቶም ዝተረፉ ክልተ ኣዋጃት ከኣ ኣብ መስርሕ መጽናዕቲ ይርከቡ፡፡

ኣዋጅ ቁጽሪ 180/2017

ኣዋጅ ኣከፋፍላ ቀረጽ ቴምብር

ዓንቀጽ 1 ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ኣዋጅ ኣከፋፍላ ቀረጽ ቴምብር ቁጽሪ 180/2017" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል፡፡

ዓንቀጽ 2 ትርጉም

ኣታኣታትዋኦም ካልእ ትርጉም ዘውህቦም እንተ ዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ፦

1. "ብይን" ማለት ኣብ መንጎ ወገናት ብናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ዘይኮነስ ብሽምግለ ወይ ሽምግልቲ ጉዳዮም ብሽምግልና ተዳንዩ ብጽሑፍ ዝወሃብ ውሳኔ ማለት እዩ፤

2. "ቦንድ" (ሰነድ ለቓሕ) ዝበሃል ሓደ ሰብ ንኻልእ ሰብ ገንዘብ ክኸፍል ግዴታ ንዝኣትወሉን ከም ኩነታት ናይቲ ጉዳይ፣ ሓደ ፍሉይ ተግባር ብምፍጻሙ ወይ ብዘይምፍጻሙ ፍሩስ ዝኾነሉ ወይ ከኣ ብምስክር ዝተረጋገጸ ብትእዛዝ ጸሓፊኡ ይኹን ንተሓዛኢ ተኸፋሊ ዘይኮነሉን ሓደ ሰብ ንኻልእ ሰብ ክኸፍል ግዴታ ዝኣትወሉን ሰነድ የጠቓልል፤

3. "ሓብራዊ ስምምዕን ውዕል ስራሕን" ዝብሉ ቃላት ኣብ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ቁጽሪ 118/2001 ዓንቀጽ 3 (8) ን (21) ን ዝተዋህቦም ትርጉም ይሕዙ፤

4. "ውዕል" ማለት ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ኣብ መንጎኦም ንንብረት ዝምልከት ግዴታታት ዘቑሙሉ፣ ዝልውጡሉ ወይ ዘቋርጹሉ ስምምዕ ማለት እዩ፤

5. "ውዕል መድሕን" ማለት ወሃቢ መድሕን ፕረምዮም ተኸፊልዎ ንኻልእ ማለት ነቲ ውሕስነት ዝቐበለ ኣንጻር ክሳራ፣ ጉድኣት፣ ምጥፋእ ትጽቢት ናይ ዝተገብረሉ መኽሰብ ወይ ብዘኾነ ዘይተፈልጠ ወይ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ዘጋጥም ጉድኣት ካሕሳ ንምኽፋል ውሕስነት ዝህበሉ ናይ መድሕን ፖሊሲ ኮይኑ፣ ናይ ህይወትን ንዝኾነ ሰብ ብሓደጋ ወይ ሕማም ወይ ብውልቃዊ መድሕን ዝመጽእ ካልእ ጉድኣት ንምኽሓስ ውሕስነት ዝህብን ፖሊሲ መድሕን'ውን የጠቓልል፤

6. "ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር" ማለት ብዘይካ ካልኦት፣ ንድንጋገታት ናይዚ ኣዋጅን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ዝወጹ ሕጋጋትን ንምትግባር ብሚኒስተር ስልጣን ዝተወሃቦ ኣካል እዩ፤

7. "ሰነድ" ማለት ብጽሑፍ ዝሰፈረ ናይ ዝኾነ መሰል ወይ ግዴታ ዝፍጠረሉ ወይ ዝምዝበሉ፣ ዝመሓላለፈሉ ወይ ዝቋረጸሉ ወይ ዓውዲ ተፈጻሚነቱ ዝድረተሉ ወይ ዝናዋሓሉ ሰነድ ማለት እዩ፤

8. "ሚኒስተርን ሚኒስትሪን" ማለት ሚኒስተርን ሚኒስትሪ ፋይናንስን ብቅደም ተኸተል ማለት እዩ፤

9. "ተሸራፊ ሰነድ" ማለት ዝኾነ ማሳለ ካብቲ ሰነድ ተፈልዩ ክሰርሓሉ ወይ ክመሓላለፈሉ ዝኽእል ናይ ምጥቃም ማሳለ ዝሓቖፈ ኮይኑ፣ ከም ሰነዳት ሓዋላ፣ ሰነዳት መብጽዓ፣ ቸካትን ዝኣመሰሉ ሰነዳት ንግድን ካልኦት ተመሳሳሊቲ ሰነዳትን የጠቓልል፤

10. "ምርግጋጽ" ማለት ብሓደ መዝነት ዘለዎ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰነዳት ዝግበር ምርግጋጽን ምስክርነትን ማለት እዩ፤

11. "ሰብ" ማለት ዝኾነ ባህርያዊ ሰብ፣ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ ዝኾነ ውድብ ማለት እዩ፤

12. "ቅብሊት" ማለት ዝኾነ ገንዘብ ወይ ዝኾነ ዝተኸፍለ ሓዋላ ወረቐት ወይ ቸክ ወይ ሰነድ መብጽዓ ከም ዝተቐበለ ዘረጋግጽ ወይ ዝኾነ ካልእ ዕዳ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ከም ዝተቐበለ ዘረጋግጽ ወይ ንኸምዚ ዓይነት ምርግጋጽ ዘመልክት ዝኾነ ዝተፈረመ መዘክር ወይ መተኣማመኒ ጽሑፍ ማለት እዩ፤

13. "ሰነድ ውሕስነት" ማለት ተለቃሒ ወይ ዋሕስ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ንብረቱ ንኣለቃሒ ትሕጃ ዝህበሉ ሰነድ እዩ፤ ከምኡውን

14. "ቲኬት" ማለት ናብ መዘናግዒ ቦታታት ንምእታው ዝግበር ክፍሊት ከም ዝተኸፍለ ዘረድእ ወረቐት ምስክር ወይ ምልክት እዩ፡፡

ዓንቀጽ 3 ዝተሰረዙ ሕግታት

ኣዋጅ ኣከፋፍላ ቀረጽ ቴምብር 65/1994 በዚ ኣዋጅ'ዚ ተሰሪዙን ተተኪኡን ኣሎ፡፡

ዓንቀጽ 4 ሰሌዳ ምጣኔ ቀረጽ ቴምብር ዝኽፈሎም ሰነዳት

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰነድ በዚ ዝስዕብ መጠን ቀረጽ ቴምብር ተሰሊዑ ይኽፈል ወይ ይእከብ፦

ተ.ቁ	ቀረጽ ቴምብር ዝኽፈሎም ሰነዳት	መዐቀኒ	ምጣኔ ቀረጽ ብሚእታዊት ወይ ብኣሃዝ ናቕፋ
1.	መተሓዳደርን መመስረትን ሕጋጋት ናይ ዝኾነ ዋኒን ትካል፣ ተራድኦ ወይ ማሕበር፦		
	ሀ) መጀመርያ ክምዝገብ ከሎ፣	ብናቕፋ	1000.00
	ለ) ቀጺሉ ክመሓየሽ ከሎ፣	ብናቕፋ	250.00
2.	ብይን፦		
	ሀ) ዋግኡ ክትመን ናይ ዝኽእል ክብሪ ንብረት፣	ካብ ዋግኡ	3%
	ለ) ብዋጋ ክትመን ዘይክእል	ብናቕፋ	50.00
3.	ሰነደ ሓዋላን ሰነደ መብጽዓን	ካብ ዋግኡ	2%
4.	ቸክ	ብናቕፋ	0.50
5.	ቦንድ (ሰነደ-ልቓሕ)	ካብ ዋግኡ	1%
6.	ሰነድ ዝተኸዘኑ ኣቕሓ	ካብ ዋግኡ	1%
7.	ውዕላትን ስምምዓትን	ብናቕፋ	50.00
8.	ሰነድ ውሕስነት	ካብ ዋግኡ	0.5%
9.	ሓብራዊ ስምምዓት፦		
	ሀ) መጀመርያ ክምዝገብ ከሎ፣	ብናቕፋ	1000.00
	ለ) ቀጺሉ ክመሓየሽ ከሎ፣	ብናቕፋ	250.00
10.	ውዕል ስራሕ	ካብ ዋግኡ	1%
11.	ውዕል ክራይ	ካብ ዋግኡ	1%
12.	ምርግጋጽ	ብናቕፋ	20.00
13.	ውዕል መድሕን	ካብ ዋግኡ	2%
14.	ውክልና ስልጣን	ብናቕፋ	100.00
15.	መቋወሚ ሰነድ ሓዋላ ወይ ሰነድ መብጽዓ	ካብ ዋግኡ	2%
16.	ሰነድ ብጽሒት ብርኪ	ብናቕፋ	1.00
17.	ቅብሊት	ብናቕፋ	1.00
18.	መመሓላለፊ ዋንነት ንብረት ወይ ብጽሒት ብርኪ	ካብ ዋግኡ	4%
19.	ቲኬት፦		
	ሀ) ምርኢት ትያትርን መዚቃን፣	ካብ ዋግኡ	5%
	ለ) ስፖርታዊ ትልሂት፣	ካብ ዋግኡ	20%
	ሐ) ናይ ጽዕነት ኣገልግሎት፣ ኣየር ቲኬት፣ ዝያዳ ጽዕነት	ካብ ዋግኡ	1.5%
20.	ምልክታን ጥርዓንን	ብናቕፋ	1.00

ዓንቀጽ 5 ምጣኔ ቀረጽ ቴምብር

1) ሚኒስተር ንፍሉያት ቅጥዕታትን መረጋገጺ ወረቓቕትን ዝምልከት ናይ ኣከፋፍላ ቀረጽ ቴምብር ሕጋጋት ከውጽእ ይኽእል፡፡

2) ኣብ ዝኾነ ቀጺሎም ዝመሓየሹ ምዝባታት መጠን ቀረጽ ቴምብር ብመሰረት ኣብ ሰሌዳ ዝተገልጸ ይኽፈል፡፡

3) ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ዓይነት ተሸራፊ ሰነድ ዝግበር ምጽዳቕ፣ ምስራዝ፣ ምምሕያሽ፣ ምቕያር ወይ ድማ ዝኾነ ለውጢ ኣብ ካልኦት ዓይነት ሰነዳት ከም ዝቐጸለ ምምሕያሽ ይወሰድ፡፡

ዓንቀጽ 6 ኣገባብ ኣገማምታ

1. ዋጋ ማሳለ ወይ ግዴታ ብመሰረት ሰነድ ዝፍጸም ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ክትመን ዝከኣል ምስ ዝኸውን መጠን ቀረጽ ቴምብር ሰነድ ብሚእታዊት ክብሪ ኣብ ሰሌዳ ዝተገልጸ ይኸውን፡፡ ብኣንጻሩ ዋጋ ማሳለ ወይ ግዴታ ብመሰረት ሰነድ ዝፍጸም ቀረጽ ቴምብር ክትመን ዘይከኣል ምስ ዝኸውን ንነፍሲ ወከፍ ሰነድ መጠን ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ኣብ ሰሌዳ ዝተገልጸ ይኸውን፡፡

2. ንሓደ ሰነድ ቀረጽ ቴምብር ዝኽፈሎ ብናቕፋ ዘይኮነ ብኻልእ ባጤራ ምስ ዝኸውን፣ እቲ ዝስላዕ መጠን ቀረጽ ቴምብር በቲ እቲ ሰነድ ዝተፈጸመሉ ዕለት ዝነበረ ምጣኔ ሸርፊ መሰረት ዝተቐመረ ይኸውን፡፡

3. ዝኾነ ቀረጽ ቴምብር ክኽፈሎ ዝግባእ ብርኪ (ስቶክ) ወይ ተሸያጢ ሰነድ፣ እቲ መጠን ቀረጽ ኣብ ዋግኡ ዝተሰረተ ምስ ዝኸውን፣ እቲ ዝስላዕ ቀረጽ በቲ እቲ ሰነድ ዝተዳለወሉ ዕለት ዝነበረ ዝምጋማዊ ክብሪ ሰነድ ዝተቐመረ ይኸውን፡፡

4. እቲ ሰነድ ንክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝተፈላለዩ ወይ ዝተዛመዱ ጉዳያት ዝሓቁፍ ምስ ዝኸውን፣ እቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰነድ ክኽፈል ዝግባእ ቀረጽ ቴምብር ተደሚሩዎ ተጠቒሙሉ ይኽፈል፡፡

5. ኣብ ምምሕልላፍ ሰነድ ዋንነት ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ኣብቲ ብመሰረት ኣብ ሞንጎ ዘማሓላለፍን ዝመሓላለፈሉን ብዝሰባ ክብሪ ናይቲ ንብረት ዝተገበረ ስምምዕ ይቕመር፡፡ ኮይኑ ግን እቲ ዝተገመተ ክብሪ ዝጸንዐ ብቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ቅቡል ምስ ዝኸውን እዩ፡፡

6. እቲ ብዝመሓላለፍን ዝመሓላለፈሉን ሰባት ስምምዕ ዝተገብረሉ ክብሪ ብቤት ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ቅቡል ምስ ዘይኮነ፣ ቀረጽ ቴምብር ንምቕማር ክብሪ ናይቲ ዋንነቱ ዝመሓላለፍ ዘሎ ንብረት ብሚኒስተር ብዝተመዘዘ ወይ ዝተወከለ ካብ መንግስታዊ ኣካላት ዝተዋጽአ ፍሉይ ኮሚቴ ይውሰን፡፡

7. ሚኒስተር ነቲ ብፍሉይ ኮሚቴ ክኽፈል ንዝተወሰነ ቀረጽ ቴምብር ክጽድቖ ወይ ክለጽን ይኽእል፡፡

ዓንቀጽ 7 ናይ ምኽፋል ግዴታ

1. ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ብኻልእ ኣገባብ ክፍጸም እንተ ዘይተደንገገ፣ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰነድ ንዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ናይ ምኽፋል ግዴታ ናይቲ በቲ ሰነድ ተጠቃሚ ዝኾነ ሰብ ይኸውን፡፡

2. ኣብ ኤርትራ ሰነድ ዘዳለወ ወይ ዝሃበ ሰብ ቀረጽ ቴምብር ባዕሉ ይኸፍል፡፡ ኮይኑ ግን እቲ ሰነድ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝተዳለወ ምስ ዝኸውን እቲ ኣብ መጀመሪያ ኣብ ስራሕ ዘውዓሎ ሰብ ቀረጽ ቴምብር ናይ ምኽፋል ግዴታ ይህልዎ፡፡

3. ኣብ ዝግበር ውዕል ክራይ ካልእ ስምምዕ እንተ ዘይሃልዩ፣ ውዕል ክራይ ዝምልከት ቀረጽ ቴምብር ብተኻራያይ ይኽፈል፡፡

4. ኣብ ውዕል መድሕን ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር እቲ ውሕስነት ዝኣቱ ሰብ ይኸፍሎ፡፡

5. ኣብ ሰነድ ውሕስነት ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ብተለቃሒ ይኽፈል፡፡

6. ብኣንጻሩ ስምምዕ እንተ ዘየልዩ፣ ኣብ ምምሕልላፍ ሰነድ ዋንነት ንብረትን ብጽሒት ብርክን ናይ ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ሓላፍነት ናይቲ በቲ ንብረት ዝመሓላለፈሉ ዘሎ ሰብ ይኸውን፡፡

7. ኣብ ስምምዓትን ውዕላትን ናይ ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ሓላፍነት ናይ ንጹልን ሓብርን ናይ ተወዓዓልቲ ወገናት ይኸውን፡፡

8. ዝኾነ ናብ መንግስታዊ ኣካላት ናይ ዝቐርብ ጥርዓን ወይ ምልክታ ቀረጽ ቴምብር በቲ ነቲ ጥርዓን ዘቕረበ ሰብ ይኽፈል፡፡

9. ኣብ ዝግበር ውዕል ስራሕ ኣሰራሒ ቀረጽ ቴምብር ናይ ምኽፋል ግዴታ ይህልዎ፡፡

ዓንቀጽ 8 ኣገባብን ግዜን ኣከፋፍላ

1. ቀረጽ ቴምብር ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይኽፈል፦

ሀ) ኣብ መመስረትን መመሓደርን ጽሑፋት ቅድሚ ምምዝጋብ ወይ ኣብ እዋን ምምዝጋብ፤

ለ) ኣብ ብይን፣ ቅድሚ ትግበራ ወይ ኣብ እዋን ብይን ዝዋሃበሉ፣

ሐ) ኣብ ልዕሊ ተሸረፍቲ ሰነዳት ኣብ ዝዳለወሉ ግዜ፤

መ) ኣብ ውዕላት ወይ ስምምዓት ቅድሚ ምኽታሞም ወይ ኣብ ዝኽተመሉ ግዜ፤

ረ) ኣብ ውዕል ክራይ ቅድሚ ምኽታሙ ወይ ኣብ ዝኽተመሉ ግዜ፤

ሰ) ኣብ መረጋገጺ ሰነድ፣ ኣብ ዝኽተመሉ ግዜ፤

ሸ) ኣብ ናይ ውሕስነት ሰነድ፣ ቅድሚ ምኽታም ወይ ኣብ ዝኽተመሉ ግዜ፤

ቀ) ኣብ ውዕል መድሕን ውዕል ዝኣተወ ሰብ ቅድሚ ምእታው ወይ ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ፤

በ) ኣብ ቅብሊት፣ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ፤

ተ) ኣብ ብጽሒት ብርኪ፣ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ፤

ቸ) ኣብ ዋንነት ንብረትን ብርክን ቅድሚ ምምሕልላፍ ወይ ኣብ ዝመሓለፈሉ ግዜ፤

ነ) ኣብ ቲኬት ቅድሚ ምውሳዱ ወይ ኣብ ዝወሰደሉ ግዜ፤ ከምኡውን

ኘ) ኣብ ቅጥዕታት ኣብ ዝዕደሉ ግዜ፤ መረጋገጺ ወረቓቕቲ ድማ ኣብ ዝዋሃብሉ ግዜ ቀረጽ ቴምብር ይኽፈሎም፡፡

2. እቲ ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር፦

ሀ) ትሕቲ ናቕፋ 50 (ሓምሳ) ምስ ዝኸውን ኣብ ልዕሊ እቲ ሰነድ ልክዕ ነቲ ክብሪ ዝሓዘ ቴምብር ይልጠፍ፤ ከምኡውን

ለ) ናቕፋ 50ን (ሓምሳን) ልዕሊኡን ምስ ዝኸውን ወይ ዓይነትን ባህርን ናይቲ ሰነድ ምስ ዝጠልብ፣ ሚኒስተር ብዘውጽኦ ሕጋጋት መሰረት ቀረጽ ቴምብር ብቕብሊት ይኽፈል፡፡

3. ዝኾነ ቀረጽ ቴምብር ዝተለጠፈሉ ሰነድ ዝቐበለ ወይ ዝርከበ ሰብ እንደገና ምእንቲ ከይሰርሓሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ቴምብር ናይ ምስራዝ ምልክት የንብር፡፡

ዓንቀጽ 9 ስልጣን ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር

ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር እዚ ዝስዕብ ስልጣን ኣለዎ፦

1) በዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት ዝተወሰነ ቀረጽ ቴምብር ናይ ምእካብን ድንጋገታት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ምትግባርን፤

2) ንኣወሳስና ቀረጽ ዝሕግዙ መዛግብትን ጽሑፋትን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ሰነዳትን ውሳኔታትን ኣቕሪቦም ንኽመርምሩን ኣድላዪ ኮይኑ ክርክብ ከሎ፣ እቲ ጉዳይ ዝምልከቶ ሰብ ባዕሉ ቀሪቡ ንኸረድእ ናይ ምእዛዝ፣ ከምኡውን

3) ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (2) ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተገልጸ ዝምልከቶም ሰባት ኣድላዪ መዛግብቲ ምስ ዘይሕዙ ብመሰረት እዚ እዋጅ'ዚ ቀረጽ ቴምብር ብግምት ናይ ምውሳን፡፡

ዓንቀጽ 10 መሰል ይግባይ

1. ኣብ ዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ብውሳኔ ሚኒስተር ዘይዓገቡ ሰባት መፍለጢ ውሳኔ ብጽሑፍ ካብ ዝተወሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሰላሳ መዓልቲ) ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ከቕርቡ ይኽእሉ፡፡

2. ውሳኔ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ዘይብሉን ናይ መወዳእታን ይኸውን፡፡

ዓንቀጽ 11 ሕድገታት ቀረጽ

1. ንናይ ሸቐጥ ኣቕሑ ብዝምልከት ዝግበሩ ውዕላት፣ ስምምዓት ወይ ማሕበራት ቀረጽ ቴምብር ኣይኽፈሉን፡፡

2. ሚኒስተር፣ ብበቑዕ ምኽንያታት፣ ትካላት ቀረጽ ቴምብር ከይኽፈሉ ሕድገት ክገብር ይኽእል፡፡

3. ሰራሕተኛ ንስርሑ ዝምልከት ጉዳያት ብፍላይ ከም ንፍቓድ፣ ደሞዝ፣ ዕብየት ዝኣመሰሉን ወዘተ ብዝምልከት ንኣሰራሒኡ ዘቕርቦ ናይ ጽሑፍ ጥርዓን ቀረጽ ቴምብር ኣይኽፈሎን፡፡

4. ሚኒስትሪታት፣ ኮሚሽናት፣ መንግስታውያን በዓል መዚታት ከምኡውን መንግስታውያን ወከልቲ ኣብያተ ጽሕፈትን እንኮላይ ባንክ ኤርትራ ቀረጽ ቴምብር ካብ ምኽፋል ነጻ ይኾኑ፡፡

5. ኣብ ሓድሕዳዊ ስምምዓት ዝምርኮስ ሚኒስተር ንኤምባሲታት፣ ቆንስላት፣ ዲፕሎማቲካዊ ሚሽናትን ኣህጉራዊ ትካላትን ኣብ ኩሉም ወይ ወሰናት ሰነዳት ንዝኽፈል ቀረጽ ቴምብር ሕድገታት ክገብር ይኽእል፡፡

ዓንቀጽ 12 ስልጣን ሚኒስተር

ሚኒስተር ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ነዞም ዝስዕቡ ብዝምልከት ሕጋጋት ናይ ምውጻእ ስልጣን ይህልዎ፦

1. ቴምብር ወይ ቴምብር ዝተለጠፎ ወረቐት ናይ ምቕራብ ወይ ምሻጥ፤

2. ቴምብር ወይ ቴምብር ተለጢፍዎም ዝሕተሙ ወረቐት ዝሸየጥ ሰብ ወይ ትካል ምምዝጋብን ተግባራቱን ኣብሉን ምውሳን፤ ከምኡውን

3. ዝሓሸ ትግባረ ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ንምርግጋጽ፡፡

ዓንቀጽ 13 መቕጻዕቲ

1. ዝኾነ ሰብ ቴምብራትን ቴምብራት ዝተለጠፎ ወረቓቕትን ንምሻጥ ተመዝጊቡ ካብቲ ኣብዚ እዋጅ'ዚ ዝሰፈረ ክሽየጠሉ ዝተሓበረ ዋጋ ኣዘዩዱ ዝሸጠ፣ ኣብ ልዕሊ ፍቓዱ ምሕዳግ፣ ብመሰረት ድንጋገታት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ይቕጻዕ፡፡

2. ዝኾነ ሰብ ንቀረጽ ቴምብር ዝምልከት ገበናት ዝፈጸመ፣ ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ዝተደንገገ ዓንቐጽ ይቕጻዕ፡፡

3. ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ዓንቀጽ 8 ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ቀረጽ ቴምብር ክኸፍል ዝግባእ ክነሱ ዘይኸፈለ 10% (ዓሰርተ ሚእታዊት) ዋጋ ናይቲ ክኸፍሎ ዝግባእ ቀረጽ ቴምብር መቕጻዕቲ ይኸፍል፡፡

4. ቀረጽ ቴምብር ዘይተለጠፎ ጥርዓን ወይ ምልክታ ተቐባልነት የብሉን፡፡

5. ቴምብር ዘይተለጠፎ ጥርዓን ወይ ምልክታ ዝኾነ ዘስዕቦ መቕጻዕቲ የለን፡፡

ዓንቀጽ 14 ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል፡፡

ኣስመራ 13 መጋቢት 2017፡
መንግስቲ ኤርትራ፡፡